# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ 5/1995 ቁ.4 ኣስመራ 15 ሓምለ: 1995 ዋጋ 1,50 ብር

## ኣዋጅ ቁጽሪ 73/1995

ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብሕጊ
ንምንጻርን ንምስራዕን ዝወጸ ኣዋጅ

# الجريدة الرسمية الإرترية

تصدرها الحكومة الإرترية

| المجلد الخامس | العدد الرابع | اسمرا ١٥/٧/١٩٩٥م | الثمن ١.٥٠ برا |
|---|---|---|---|


## المرسوم التشريعي رقم /٧٣/لعام ١٩٩٥م الخاص

## بتوضيح و تنظيم انشطة الاديان والمؤسسات الدينية قانونا

ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ ሕልናን ሃይማኖትን ነጻነት ብሕጊ ዝተረጋገጸን ዝተሓለወን ስሩት መሰል ምዃኑ ብምግንዛብ፡
መንግስቲ ከም ፖለቲካዊ ስርዓት ሃይማኖት ከኣ ከም መንፈሳዊ ስርዓት ክልቲኦም ዝተፈላለዩ ምዃኖም ብምርዳእ፡
ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ንሕጊ ዘኽብርን ዝቕበልን፡ ብፍላይ ከኣ ንሰላም፡ ርግኣትን ሓድነትን ሃገርን ህዝብን ፈጺሙ ዘይትንከፍን ዘይዘርግን ክኸውን ከምዘለዎ ብምእማን፡
ብእምነትን ምርዳእን'ምበር ብምስዳዕ ዝዝርጋሕ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ክህሉ ከምዘይብሉ ብምእማን፡
መንግስቲ ኣብ ሞንጉኡን ሞንጎ ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ዝህሉ ሕጋዊ ዝምድና፡ ከምኡ'ውን ንሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብዝምልከት ዝኸተሎ ፖሊስን ዝትልሞ ኣካይዳን ብሕጊ ክስራዕ ከምዘድሊ ብምርዳእ፡
ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብሕጊ ንምንጻርን ንምስራዕን እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ተኣዊጁ ኣሎ፡-

**ዓንቀጽ 1. <u>ሓጺር ኣርእስቲ</u>**

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብሕጊ ንምንጻርን ንምስራዕን ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 73/1995 " ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀጽ 2. <u>መንግስትን ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ ብዛዕባ ምዃኖም</u>**

(1) ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ከም ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ከኣ ከም መንፈሳዊ ትካላት፡ ነንበይኖም ስለዝኾኑ ፡ መንግስቲ ኣብ ሃይማኖዊ ጉዳያት፡ ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ድማ ኣብ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ኣይኣትውን።
(2) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ኣብ ዝኾነ ፖሊቲካዊ ንጥፈት ምስ መንግስቲ ይኹን ኣንጻር መንግስቲ ክሳተፉ፡ ፖሊቲካዊ ዘመተ፡ ጐስጓሳት ወይ ንጥፈታት ወይ ፖለቲካዊ ስብከታት ከካይዳ ወይ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ወይ ዕላማ ዘለዎ ጽሑፋት ወይ ፈነወታት ክዝርግሓ ኣይፍቀደለንን።
(3) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ንዝኾነ ናይ ወጻኢ መንግስቲ ወይ ፖለቲካዊ ሓይሊ ክውክላ ወይ ክጣበቓ ኣይፍቀደለንን።

**ዓንቀጽ 3. <u>ነጻነት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን</u>**

(1) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ኣብ ፖለቲካ ከይኣተዋ መንፈሳዊ ስብከትን መንፈሳዊ ጐስጓሳትን ከካይዳ መሰለን ዝተሓለወ ኢዩ።

(2) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብዘውጽእኦ መንፈሳዊ ጽሑፋት ኮነ ብዝኾነ መገዲ ብዝገበርኦ ፈነወታት ዘካይድኦ ጕስጓሳትን ስብከታትን ሕጊ ፕረስ ኣይምልከቶን።
(3) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብሕጊ ካብ ዝተፈቕደለን መንፈሳዊ ወይ ሃይማኖታዊ ስርዒት ወጻኢ ኣብ ፖሊቲካ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ኣትየን ብዝኾነ መገዲ ብዘካይድኦ ጕስጓሳትን ዘመተታትን ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ወይ ኣብ ሞንጎ ሃይማኖታት ብዘካይድኦ ሃይማኖታዊ ጽልኢ፡ ቅርሕንቲ ወይ ረጽሚ ዝኹስኩስ ንጥፈታት ብሕጊ ተሓተትቲ ይኾና።

## ዓንቀጽ 4. <u>ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ምስ ወጻኢ ዝገብርኦ ዝምድናታት</u>

(1) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ምስ ወጻኢ ዝገብርኦ ዝምድናታት መንፈሳውን ካብ ፖለቲካን ጸቢብ ንዋታዊ ረብሓን ነጻ፡ ብፍላይ ከኣ ንሰላም፡ ርግኣት፡ ጸጥታን ሓድነትን ሃገረ ኤርትራ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ዘይትንክፍ ክኸውን ኣለዎ።
(2) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ካብ መንፈሳዊ ስራሕ ወጻኢ ወጻእተኛ ሰራሕተኛታት ክቖጽራ ዝኽእላ ኣቐዲመን ንመንግስቲ ኣመልኪተን ምስ ተፈቕደለን ጥራይ ይኸውን።

## ዓንቀጽ 5. <u>ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ኣብ ሞንጎ መንግስትን ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን</u>

(1) መንግስትን ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ኣብ ስነ ምግባራዊ ጕስጓሳት ክተሓጋገዙ ይኽእሉ።
(2) መንግስቲ ብመሰረት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ዝሓትኦ ቅቡል ምኽንያት ዓቕሙ ዘፍቅዶ ሓገዝ ክበርክተለን ይኽእል።

## ዓንቀጽ 6 . <u>ልምዓታዊ መደባት፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ረድኤታዊ ንጥፈታትን</u>

(1) ብዘይካ ኣብ ውሱናት መንግስቲ ዘፍቀደን ማሕበራዊ መደባት፡ ልምዓታዊ መደባትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ብቐንዱ ናይ መንግስትን ህዝብን ዕማም ኮይኑ ፡ ሃይማኖትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ንልምዓታዊ መደባት ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክምውላ ዓቕምን ድሌትን ምስ ዝህልወን፡ ኣብ ምውጣንን ምትግባርን ብዝኾነ መገዲ ኢደን ከየእተዋ ኣብ ምምዋል ጥራይ ክዋሳኣ ይኽእላ።
(2) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ወከልቲ ናይ ወጻኢ መንግስታትን ትካላትን ኮይነን ረድኤታዊ ንጥፈታትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ከካይዳ ኣይፍቀደለንን።

## ዓንቀጽ 7. <u>ናይ ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ምንጭታት ኣታዊን ኣማሓድራኡን</u>

(1) ናይ ኩለን ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ቀንዲ ናይ ኣታዊ ምንጭታት በዞም ዝስዕቡ ዝተወሰነ ይኸውን :-
(ሀ) ናይ ምእመናን ውጺኢት፡
(ለ) ብመንግስቲ ክግበረለን ዝኽእል ሓገዝ።
(2) ካብ ወጻኢ ክረኽብኦ ዝኽእላ ኣታዊ ኣቐዲመን ንመንግስቲ ብግቡእ ኣፍሊጠን

መንግስቲ ምኽኑይ ኮይኑ ስለዝረኸቦ ዘፍቅዶ ጥራይ ይኸውን።
(3) እቲ ካብ ወጻኢ ዝተረኸበ ኣታዊ ብገንዘብ ምስ ዝኸውን ግቡእ ናይ ሕሳብ መዛግብቲን ደገፍቲ ሰነዳትን ተታሒዙሉን ኣብ ባንክ ፍሉጥ ሕሳብ ተፈልዩሉን ንመንግስታዊ ኦዲት ወይ ናይ ሕሳብ ምጽብጻብ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ድሕሪ መወዳእታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ንመንግስቲ ይቐርብ። ካብ ወጻኢ ዝተረኸበ ኣታዊ ብዓይነት ወይ ብንብረት ምስ ዝኸውን ግቡእ ናይ ሕሳብ መዛግብቲን ደገፍቲ ሰነዳትን ተታሒዙሉን ኣጠቓቕማኡ ብጭቡጥ ተረጋጊጹን ንመንግስታዊ ኦዲት ወይ ናይ ሕሳብ ምጽብጻብ ብተመሳሰሊ መገዲ ንመንግስቲ ይቐርብ።

**ዓንቀጽ 8.** <u>**ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን**</u>
(1) ናይ'ዚ ኣዋጅ ድንጋገታት ዝተሓለወ ኮይኑ፡ ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ምስ መንፈሳዊ ባህሪኦን ዘሳኒ ሕጋዊ ንጥፈታት ጥራይ ከካይዳ ይኽእላ።
(2) ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ኣብ ወፈያ ምእመናንን ሰዓብተንን ኣብ ዘቤታዊ (local) ዓቕምታትን ዝተመርኮሰ'ምበር ኣብ ናይ ወጻኢ ምጽወታን ጽግዕተኛነትን ዝተመርኮሰ ክኸውን የብሉን።
(3) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ካብ ሰዓብተን ብዝረኸብኦ ሓገዝ ወይ ወፈያ ድኻታት፡ ስንኩላን፡ ዘኽታማት፡ ምግዱራት፡ ግዱዓትን ካልኦት ጽጉማትን ክሕግዛን ክዕንግላን ይኽእላ። ነዚኦም ንምዕንጋል ካብ ወጻኢ ዝረኸብኦ ሓገዝን መዓላኡን ግን ብመንግስቲ ተፈሊጡ ምስ ተፈቒደ መንግስቲ ብዘውጽኦ ቅጥዒን ኣተገባብራን ይመሓደር።
(4) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ዘካይድኦ ንጥፈታት ግሉጽነትን ተሓታትነትን (transparency and accountability) ብዘለዎ ኣገባብ ይኸውን።

**ዓንቀጽ 9.** <u>**ምጃም ናይ ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ዝከታተል ክፍሊ**</u>
(1) ንኹሉ ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ዝከታተል "ክፍሊ ሃይማኖዊ ጉዳያት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣካል ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ቆይሙ ኣሎ።
(2) ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ንድንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ብዝምልከት ምስ መንግስቲ ዝህልወን ርክባትን ዝምድናታትን ንመንግስቲ ዘቕርብኦ ጠለባትን መዛግብቲ ሕሳባትን ብመገዲ እዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተጠቕሰ ክፍሊ ይኸውን።
(3) እዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተጠቕሰ ክፍሊ፡ ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብመሰረት ድንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተነብረለን ግዴታታት ምፍጻመን ተኸታቲሉ ጸብጻባት ናብ ሚንስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ምቕራብን ካብ ሚንስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ዝተዋህበ መምርሒታት ናይ ምትግባርን ሓላፍነት ይህልዎ።
(4) እዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተጠቕሰ ክፍሊ ንድንጋገታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ንምትግባር ዘድልዮ መምርሒታትን ቅጥዕታትን ከውጽእ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 10.** <u>**ምዝገባ**</u>
ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ቀዋሚን ተንቀሳቓሲን ንብረተንን ናይ ገንዘብ ሕሳባተንን ዘነጽር መዛግብትን ሰነዳትን ብመሰረት ክፍሊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ዝህበን ቅጥዒ ኣተሓሒዘን

እዚ ኣዋጅ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ ይምዝገባ። ድሕሪኡ ኣብ ውሽጢ መጀመርያ ወርሒ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ይምዝገባ።

**ዓንቀጽ 11. <u>መቕጻዕቲ</u>**

(1) ሓደ ሃይማኖታዊ ትካል ንድንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ወይ ብኡኡ መሰረት ንዝወጹ ሕጋጋት ወይ መምርሒታት ምስ ዝጥሕስን ገበኑ ምስ ዝረጋገጽን ብመሰረት ድንጋገታት መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይቕጻዕ።

(2) ዝፈጸሞ ገበን ብካልእ ተፈጻምነት ዘሎዎ ሕጊ ብዝለዓለ ዘቕጽዕ እንተዘይኮይኑ: ዝኾነ ሃይማኖት ወይ ሃይማኖታዊ ትካል ብዘውጽኦ ጽሑፍ ወይ ብዝገበሮ ፈነወ ድንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ምስዝጥሕስን ገበኑ ምስ ዝረጋገጽን: እቲ ደራሲን ኣዳላውን ናይ'ቲ ጽሑፍን ከምኡ'ውን ፈነወ ምስ ዝኸውን ኣዳላዊ ናይቲ ፈነወ ካብ ብር 10,000.= (ዓሰርተ ሽሕ) ብዘይዛይድ ናይ ገንዘብ ወይ ካብ ክልተ ዓመት ብዘይዛይድ ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ወይ ብኽልቲኡ ይቕጻዕ።

እቲ ምጥሓስ ሕጊ ምስ ዝደጋገም ናይ ጽሑፍ ወይ ፈነወ ትካሉ ብምምሕዳራዊ ውሳኔ ጥራይ ክእገድ ወይ ንሓዋሩ ክዕጸ ይኽእል።

(3) ዝፍጸም ገበን ናይ ስርቂ: ተኣማንነት ምጉዳል : ንብረት ኣብ ዘይማዓላኡ ምውዓል ...ወዘተ ምስ ዝኸውን: ፈጻሚኡ ብመሰረት ዓንቀጻት መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይቕጻዕ።

**ዓንቀጽ 12. <u>ኣዋጅ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ</u>**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

**ኣስመራ** 15 **ሓምለ** 1995<br>
**መንግስቲ ኤርትራ**

## المرسوم التشريعي رقم /٧٣/ لعام ١٩٩٥م
## الخاص
## بتوضيح و تنظيم انشطة الاديان والمؤسسات الدينية قانونا

### مدخل

# كون حرية اي مواطن ارتري في الاعتقاد والايمان - كحق اساسي - مكفولة ومصانة بموجب احكام القانون.

# وادراكا لكون الدولة كنظام سياسي، والدين كنظام روحي مفصولين عن بعضهما البعض.

# وايمانا بكون الانشطة الدينية يتوجب عليها ان تحترم القانون وتلتزم به، سيما ان لاتمس اطلاقا او تعكر صفو السلام والامن ووحدة الوطن والشعب.

# وايمانا بكونه لايمكن نشر الانشطة الدينية بالاغراء، بل انما بالايمان والاقتناع.

# و تفهما لرغبة الحكومة في توضيح وتنظيم العلاقة بينها وبين الاديان والمؤسسات الدينية وكذلك توضيح وتنظيم سياساتها تجاه الاديان والمؤسسات الدينية قانونا.

.. عليه لتوضيح و تنظيم انشطة الاديان والمؤسسات الدينية بقانون يصدر هذا المرسوم.

### م/١ توطئة :-

يسمى هذا المرسوم :- ( المرسوم التشريعي رقم /٧٣/لعام ١٩٩٥م الخاص بتوضيح وتنظيم انشطة الاديان والمؤسسات الدينية قانونا).

### م/٢ فصل الدين عن الدولة :-

١/ تكون الاديان والمؤسسات الدينية كمؤسسات روحية منفصلة في ارتريا عن الدولة كمؤسسة سياسية، عليه لاتتدخل الحكومة في الشؤون الدينية كما لاتتدخل الاديان والمؤسسات الدينية في الشؤون السياسية .

٢/ لايجوز للاديان والمؤسسات الدينية المشاركة في اي نشاط سياسي سواء بجانب الحكومة او ضدها او القيام بالحملات والتعبئة او الانشطة السياسية او نشر مطبوع او بث اذاعي ما هو ذو مضمون او هدف سياسي.

٣/ لايجوز للاديان او المؤسسات الدينية تمثيل اي حكومة او قوى سياسية اجنبية او الدفاع عن مصالحها.

## م/٣ استقلالية الاديان والمؤسسات الدينية

١/ للاديان والمؤسسات الدينية - دونما تدخل في السياسة - الحق في القيام بالتبشير والتعبئة الروحية.

٢/ لاينطبق قانون الصحافة والمطبوعات على مطبوعات الاديان والمؤسسات الدينية، ذات الطابع الروحي وما تقوم به من بث وتعبئة وتبشير باي شكل كان.

٣/ تكون الاديان والمؤسسات الدينية مسؤولة قانونيا عن تصرفاتها المتجاوزة للنظم الروحية و الدينية المسموح لها بها قانونا متدخلة بذلك مباشرة او بشكل غير مباشر في السياسة بقيامها باي شكل كان بالتبعئة والحملات. او ما تقوم به من انشطة من شأنها بث الكراهية والحقد و الاصطدامات في اوساط الشعب وبين الاديان.

## م/٤ علاقات الاديان والمؤسسات الدينية مع الخارج

١/ علاقة الاديان والمؤسسات الدينية مع الخارج يجب ان تكون روحية ومتحررة من السياسة والمصالح المادية الضيقة. سيما ان لا تمس سواء مباشرة او بشكل غير مباشر سلامة وامن وحدة الدولة الارترية.

٢/ لايجوز للاديان والمؤسسات الدينية توظيف موظف اجنبي للعمل في غير النشاط الروحي الا بعد تقديمها طلب بذلك للحكومة وموافقة الحكومة عليه.

## م/٥ التعاون والمساعدة فيما بين الحكومة والاديان والمؤسسات الدينية

١/ يجوز للحكومة والاديان والمؤسسات الدينية التعاون في التعبئة الاخلاقية .

٢/ يجوز للحكومة تقديم الدعم وفقا لما تسمح به امكانيتها متى طلبت منها الاديان والمؤسسات الدينية ذلك لاسباب مقبولة.

## م/٦ برامج التنمية والخدمات الاجتماعية والانشطة الاغاثية

١/ بأستثناء بعض البرامج الاجتماعية المحدودة التي اجازتها الحكومة فان البرامج التنموية والخدمات الاجتماعية هي في الاساس من مهام الحكومة والشعب. فاذا كان للاديان والمؤسسات الدينية الرغبة والمقدرة في تمويل برامج التنمية او الخدمات الاجتماعية يجوز لها المشاركة في التمويل فقط دون التدخل باي شكل كان في التخطيط او التنفيذ.

٢/ لايجوز للاديان والمؤسسات الدينية ان تقوم كوكيل عن الحكومات والمؤسسات الاجنبية بمزاولة الانشطة الاغاثية والخدمات الاجتماعية.

## م/٧ مصادر دخل الاديان والمؤسسات الدينية وادارتها

١/ تنحصر المصادر الاساسية لدخل كافة الاديان والمؤسسات الدينية في مايلي :-

(أ) اشتراكات المؤمنين التابعين لها

(ب) الدعم الذي يمكن ان تقدمه الحكومة

٢/ الدعم الذي يمكن الحصول عليه من الخارج يجري باشعار مسبق للحكومة ويتم بعد موافقة الحكومة عليه متي وجدته مقبولا.

٣/ اذا كان الدعم الخارجي اموالا نقدية يتوجب مسك الدفاتر الحسابية والمستندات الداعمة اللازمة لها وتخصيص حساب خاص بها في البنك وتقديمها خلال الشهر الاول بعد نهاية كل سنة للمراجعة الحكومية او المراجعة الحسابية و يقدم للحكومة. اما اذا كان الدعم الخارجي اموالا عينية او ممتلكات اخرى يتوجب مسك الدفاتر الحسابية والمستندات الداعمة اللازمة لها تأكيدا لاستخداماتها واستغلالها بشكل مادي وتقديمها كذلك للمراجعة الحكومية او المراجعة الحسابية و يقدم للحكومة.

## م/٨ انشطة الاديان والمؤسسات الدينية

١/ مع مراعاة احكام هذا المرسوم، يجوز للاديان والمؤسسات الدينية مزاولة انشطة قانونية تتماشي مع طبيعتها الروحية فقط.

٢/ يجب ان تعتمد انشطة الاديان والمؤسسات الدينية على تبرعات المؤمنين والتابعين ومقدراتها المحلية، لا التبعية على القوى الخارجية وصدقاتها .

٣/ يجوز للاديان والمؤسسات الدينية مساعدة المشلولين واليتامى والعجزة والمعدمين وغيرهم من المحتاجين وذلك من ماتتحصل عليه من مساعدات وتبرعات من تابعيها، اما المساعدات الخارجية لمساعدة هؤلاء وطريقة صرفها فأنها وبعد معرفة الحكومة وموافقتها عليها تدار وفقا للاجراءات واساليب التطبيق التي تضعها الحكومة.

٤/ يجب ان تتم انشطة الاديان والمؤسسات الدينية وفق اسلوب يراعي العلانية والمسؤولية.

## م/٩ اقامة جهاز لمتابعة انشطة الاديان والمؤسسات الدينية

١/ بموجب هذا المرسوم تم اقامة جهاز بوزارة الشؤون الداخلية باسم ( قسم الشؤون الدينية)

ليختص بمتابعة انشطة كافة الاديان والشؤون الدينية.

٢/ ان اتصالات وعلاقات الاديان والمؤسسات الدينية بالحكومة فيما يتعلق باحكام هذا المرسوم، وما يقدمونه للحكومة من طلبات ودفاتر حسابية تتم كلها عبر القسم المشار اليه بالفقرة (١) اعلاه.

٣/ يكون القسم المشار اليه بالفقرة (١) اعلاه مسؤولا عن متابعة التزام وتنفيذ الاديان والمؤسسات الدينية لما يترتب عليها من التزامات بموجب احكام هذا المرسوم، وتقديم التقارير الى وزير الشؤون الداخلية، وتطبيق التعليمات الصادرة عنه.

٤/ يجوز للقسم المشار اليه بالفقرة (١) اعلاه اصدار التعليمات والشكليات اللازمة لتطبيق احكام هذا المرسوم.

## م/١٠ التسجيل

- يتوجب على الاديان والمؤسسات الدينية - خلال شهرين بعد صدور هذا المرسوم - أن تتقدم بالدفاتر والمستندات التي توضح اموالها المنقولة وغير المنقولة ( العقارات) وحساباتها النقدية وفقا للاسلوب الذي يحدده قسم الشؤون الدينية وذلك بغية تسجيلها. ومن ثم يتوجب عليها التسجيل خلال الشهر الاول من كل عام.

## م/١١ احكام جزائية

١/ اذا خالفت مؤسسة دينية ما، احكام هذا المرسوم او اللوائح او التعليمات الصادرة بموجبه فأنها تعاقب متى ثبتت ادانتها بموجب احكام القانون الجزائي الانتقالي الارتري.

٢/ مالم ينص قانون ساري آخر على عقوبة اشد، وفي حال مخالفة اي من الديانات او المؤسسات الدينية لاحكام هذا المرسوم بما تصدره من مطبوعات او تقوم ببثه فانه ومتى ثبتت ادانتها يعاقب مؤلف ومعد ذلك المطبوع وايضا معد ماتم بثه في حال البث بالغرامة المالية لما لايتجاوز (١٠,٠٠٠) عشرة الف بر او بالسجن لما لايتجاوز العامين او بالعقوبتين معا. ويجوز عند تكرار المخالفة القانونية تجميد مؤسسة الطباعة او البث او اغلاقها نهائيا بموجب قرار اداري فقط.

٣/ متى كان الجرم المرتكب سرقة، او اساءة ائتمان ، او استغلال الاموال في غير ماخصصت له وماشابه ذلك فان الفاعل يعاقب بموجب احكام القانون الجزائي الانتقالي الارتري.

## م/١٢ نفاذ هذا المرسوم

- تسري احكام هذا المرسوم من تاريخ صدوره بالجريدة الرسمية الارترية

اسمرا ١٥ يوليو ١٩٩٥م

الحكومة الارترية